

# ኢሳያስን ህወሓትን

## <u>ናይ 1000 ኪ/ሜ ቅድድም ናብ ኣራት ኪሎ</u>

**ክፋል - 3**

**ሃይለ መንገሻ ዑቕበ**
**መይ 15፡ 2020**

**<u>ማርች 17-20፡ 1988</u>፡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ ዝገበሮ በርቃዊ መጥቃዕቲ፡ ነቲ ኣብ ኣፍዓበትን ግንባር ናቕፋን ዓሪዱ ዝነበረ ናይ 2ይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ሕመረት ዝነበረ ናደው እዝ ብዘደንቕ ቅልጣፈ ምስደምሰሰ፡ ብጀግንነት ህዝባዊ ግንባር ዓለም ምሉእ ተደነቐ። ኣብቲ ምድምሳስ 3ተ ሶቬታውያን ኣማኸርቲ ብህዝባዊ ግንባር ተማረኹ።**

**መሪሕነት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ'ውን በቲ ናይ ህዝባዊ ግንባር ጀግንነት ኣዚዩም ተደነቑ።**



<u>ፎቶ 1፣ ኮሎኔል ቹራየፍ ዩቨገንዩ ኒኮላየቪች</u>
ኣብ ምድምሳስ ናደው እዝ ብህዝባዊ ግንባር ዝተማረኸ
1ይ ሶቬየታዊ ምሩኽ።



<u>ፎቶ 1፡ ኮሎኔል ካሊስትሮቭ ዩሪ ፔትሮቪች</u>
ኣብ ምድምሳስ ናደው እዝ ብህዝባዊ ግንባር ዝተማረኸ
2ይ ሶቬየታዊ ምሩኽ።



<u>ፎቶ 3፣ ሌተናንት ኮቫልዲን ኣለክሳንደር ቪክትሮቪች</u>
ብህዝባዊ ግንባር ዝተማረኸ 3ይ ሶቬየታዊ ምሩኽ።

መሪሕነት ህዝባዊ ወያነ፡ ምድምሳስ ናደው እዝ ብህዝባዊ ግንባር ብፍላይ ከኣኒ ምምራኽ ናይቶም 3ተ ሶቬታውያን ኣማኽርቲ፡ ኣዚዩ ስለዝመሰጦም ደጊም ንህዝባዊ ግንባር ቆላሕታ ክገብርሉ ወሰኑ።

ብኡ ንብኡ መሪሕነት ናይ ህዝባዊ ወያነ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ህዝባዊ ግንባር ዝፈጸሞ ጀግንነታዊ ስርሒት ምድምሳስ ናደው እዝ፡ ኣብ ሬድዮኦም፡ ድምጺ ህዝባዊ ወየነ ሓርነት ትግራይ ኣድናቖቶም ብዕሊ ብሮድካስት ገበርዎ።

እቲ ሽዑ ህዝባዊ ወየነ ዝወሰድዎ ተበግሶ ናይ ዕርቒ መንፈስ፡ ብህዝባዊ ግንባር'ውን ኣዎንታዊ ግብረ መልሲ ረኸበ ።

<u>1984-1988</u>፡ ህዝባዊ ወያነ ነቲ ፍጹም ዘይፍታሕ ዝመስለ ዝነበረ፡ ን4ተ ዓመት ክጓዓዝ ዝጸንሐ፡ ከቢድ ሕድሕድ ጽልኢ ናይ ህዝባዊ ግንባርን ህዝባዊ ወያነን ብታኣምር ክፈትሕዎ ናይ መጀመርያ ተበግሶ ዝወሰዱ ወገን ነበሩ።

ኢሳያስ'ውን ነቲ ናይ ህዝባዊ ወያነ ናይ ዕርቒ ተበግሶ ደጊም ከም ልማዱ ኢግኖር ክኸቶ፡ ብወተሃደራዊ ስትራተጂ ንሓዋሪቱ ይቕረ

ዘይበሃሎ ከቢድ ጌጋ ምኸኣ ቶሎ ኢሉ ስለዘስተብሃለ፡ ኣብቲ ወያነ ዝጀመርዎ ኩዳ ናይ ፍቕሪ ደድሕሪኦም ከኹድድ ጀመረ።

ኣፕሪል 1988፡ ህዝባዊ ወያነን ህዝባዊ ግንባርን፡ ኣብ ካርቱም፡ ሱዳን፡ 4ተ መዓልቲ ዝወሰደ ናይ ጠረጴዛ ዘተ ኮፍ ብምባል፡ ፍልልያቶም ወጊዶም፡ ኣብ ሓበራዊ ወተሃደራዊ ስትራተጂ ኣንጻር ደርግ ሓቢሮም ክሰርሑ፡ ብኽታሞም ኣረጋገጹ።

# ውግእ ሽረ እንዳስላሴ

ኣብ ውግእ ሽረ እንዳስላሴ፡ ብወገን ህዝባዊ ወያነ 7ተ ክፍለ ሰራዊትን ብርክት ዝበሉ ዞባዊ ቦጦሎኒታትን ብወገን ናይ ህዝባዊ ግንባር ከኣ 1ደ ብርጌድ ተዋጋኢ ሰራዊትን 2ተ ንኡሳን ኣሃዱ ከቢድ ብረትን 10ተ ታንክታትን ብሓባር ተገዲሞም ነበሩ። እዞም ሓይልታት ኣብ ጸረ-መጥቃዕቲ ነበሩ።

ተጻይ ናይዚኦም፡ ቅድመ ግንባራዊ ዝነበረ እሞኒ ሄድ ኳርተሩ ኣብ ሽረ እንዳስላሴ ዝገበረ ናይ ደርግ ኮር 604 ብተወሳኺ 103 ናይ ኮማንዶ ክፍለ

ሰራዊት ተገዲሞም ነበሩ። እዞም ሓይልታት፡ ኣብቲ ውግእ ኣብ ምጥቃዕን ምክልኻልን ነበሩ።

ከም ሪዘርቭ፡ ካብ ባህርዳር፡ ጎንደር ናብ ምዕራባዊ ትግራይ ዝኣሰረ ኮር 603 ከምኡ'ውን ካብ ደሴ፡ ወሎ ናይ ምብራቓዊ ትግራይ ዝኣሰረ ኮር 605 ኣብ ማዕዶ ዘብሮኹ ክልተ ኮራት ደርግ ነበሩ።

ውግእ ሽረ እንዳስላሴ፡ እዞም ክልተ ተቖናቖንቲ ወገናት ብኸቢድ ደረጃ ተተፋኒኖምሉ ዝነበሩ፡ ንኽልቲኦም ወገናት ወሳኒ ውግእ ናይ ነጥበ መቐይሮ ነበረ።

ኣብ መጀመርያ ናይ 1988፡ ናይ ደርግ 3ይ ኣብዮታዊ ሰራዊት፡ ኣብ 3ተ ኮራት 603ን 604ን 605ን ተኸፋፊሉ፡ ንነብሲ ወከፍ ኮር ናቱ ፍሉይ ዕማም ተዋሂብዎ፡ ንህዝባዊ ወያነ ንምጥቃዕ ካብ ደቡብ ኢትዮጵያ ናብ ሰሜን ወፍሪ ጀመረ።

ኮር 603፡ ብቀዋምነት ኣብ ምብራቓዊ ትግራይ፡ ኮር 605 ብቀዋምነት ኣብ ምዕራብ ትግራይ ንወያነ ክኽርድኑ ተመደቡ። ቅድመ ግንባራዊ ኮር 604 ኣብ ማእከል ትግራይ መጥቃዕትታት ክገብር ተመደበ። (ካርታ 4፡ ተመልከቱ)







ካርታ 4ን 5ን፡ መናውራታት ኮር 604ን ሓፈሻዊ ስእሊ ውግእ ሽረ እንዳስላሴ፡ ጁን 1988 - ፈብሩዋሪ 1989።

<u>ጁን 1988</u>፡ ኮር 604፡ ካብ ምዕራባዊ ትግራይ ናብ ምብራቕ ብምግስጋስ ንከተማታት ዓድግራት፡ ዓድዋ፡ ኣኽሱም፡ ሰለኽለኻን እናተቆጻጸረ ድሕሪ ምምጻእ መወዳእትኡ ንሽረ እንዳስላሴ ተቖጻጺሩ ነታ ከተማ መናሃርያ ሕምብርቲ ናይ ወፍሪታቱ ገበራ። ኣብታ ከተማ ዓሪዱ ናይ ምክልኻል መዛግቡ ኣጠናኸረ።

<u>ጁላይ 1988</u>፡ ኮር 604 ኣቅጣጭኡ ናብ ሰሜናዊ ምብራቕ ብምቅናዕ፡ ካብ ሽረ እንዳስላሴ ተበጊሱ ንዓዲ ከኾብን ንዓዲ ዳዕሮን ተቖጻጺሩ ዓዲ ሃገራይ በጽሐ። (ካርታ 5፡ ተመልከቱ)

<u>ኦጎስት 1988</u>፡ ኮር 604 ብጸረ መጥቃዕቲ ናይ ህዝባዊ ወያነ ካብ ዓዲ ሃገራይን ዓዲ ከኾብን ዓዲ ዳዕሮን ተደፊኡ ናብ ሽረ ተመልሰ።

<u>ዲሰምበር 1988</u>፡ ሓበራዊ ናይ ህዝባዊ ወያነን ህዝባዊ ግንባርን ጸረ መጥቃዕትታት ኣንጻር ኮር 604፡ ኣብ ከባቢታት ሽረ እንዳስላሴ ተጎሃሃረ።

## <u>ስትራተጂያዊ ዕላማ ኮር 604</u>

<u>1ይ ዒላማ ኮር 604</u>፡ ናብ ደጀናት ህዝባዊ ወያነ ጠሓሒስካ ምእታው ነበረ።

2ይ ዒላማ ኮር 604፡ ንዶባት ኤርትራ ሰንጢቕካ ብምእታው፡ 3ይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ምስ 2ይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ከምዝራኸቡ ምግባር ነበረ።

ፈብሩዋሪ 8-17፡ 1989፡ ውግእ ብዝለዓለ ደረጃ ኣብ ከባቢታት ቆየጻን ሰለኽለኻን ጻዕጸዐ። ኣብዚ ከባቢታት፡ ንኡስ ምርብራብ ኣብ መንጎ ህዝባዊ ወያነን ህዝባዊ ግንባርን ጸረ ኮር 604 ተገብረ። ኣብቲ ምርብራብ ኮር 604 ከድሉ ስለዝይከኣለ ተሳዒሩ ናብ ሽረ እንዳስላሴ ኣንሳሓበ።

ደርግ፡ ኣብ ሽረ እንዳስላሴን ኣብ ምሉእ ከበባ ናይ ህዝባዊ ወያነን ህዝባዊ ግንባርን ኣተወ።

ፈብሩዋሪ 18-19፡ 1989፡ ናይ ደርግ ኮር 604ን ኮማንዶ ክፍለ ሰራዊት 103ን ብዝተሓባበረ ቀላጽም ህዝባዊ ወያነን ህዝባዊ ግንባርን ኣብ ሽረ እንዳስላሴ ፍጹም ተሳዕሩ።

ሽረ እንዳስላሴ፡ ሄድ ኳርተር ነበር ናይ ኮር 604 ምስ ኣየርፖርቱ፡ ትክላቱ፡ ኣጻዋሩ፡ ቁሳ ቁስቱ ኣብ ቁጽጽር ህዝባዊ ወያነን ህዝባዊ ግንባርን ወደቐ። 20 ሽሕ ሰራዊትን መኮንናትን ደርግ ተማረኹ።



ፎቶ 6፡ ካፕቴን ለገሰ ኣስፋው

ናይ ደርግ ኣማሓዳሪ ነበር ኣብ ትግራይ፡ ድሕሪ ስዕረት ኮር 604 ኣብ ሽረ እንዳስላሴ፡ ሰራዊት ደርግ ጠቕላልኡ ካብ ትግራይ ብህጹጽ ክወጽእ ኣዘዘ። "የክፍለ ሃገሩ ከባድ ኢንዱስትሪ ወፍጮ ቤት ብቻ በመሆኑ ወጥተናል" ክብል ተጻረፈ።



ፎቶ 7፡ ድሕሪ ስዕረት ኮር 604 መላእ ትግራይ ቅጽበታዊ ብዘይ ተኾሰ ጥይት ኣብ ትሕቲ ህዝባዊ ወያነ ወደቐት። ደጊም ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ናበይ? ንኢሳያስ ከቢድ ደልሃመታዊ ሕቶ ኮነ።

ድሕሪ መላእ ስዕረት ኮር 604 ኣብ ሽረ እንዳስላሴ፡ ካፕቴን ለገሰ ኣስፋው ናይ ደርግ ኣማሓዳሪ ነበር ኣብ ትግራይ፡ ሰራዊት ደርግ ጠቕላልኡ ካብ መቐለ ይኹን ካብ ትግራይን ብህጹጽ ክውጽእ ትእዛዝ ኣመሓላላፈ።

ፈብሩዋሪ 28፡ 1989፡ ደርግ ካብ መቐለ ኣንሳሓበ። መቐለ፡ ብዘይኩናት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ህዝባዊ ወያነ ወደቐት። ስዒቡ፡ መላእ ትግራይ ብዘይኩናት ኣብ ትሕቲ ወያነ ወደቐት።

# ደጊም ህዝባዊ ወያነ ናበይ?

**ድሕሪ ምድምሳስ ኮር 604 ኣብ ሽረ እንዳስላሴ፡ መላእ ትግራይ ብፈጣን ናህሪ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ስለዝወደቐት፡ ዕዮ ገዛ ህዝባዊ ወያነ ተዛዚሙ። ሕጂ ምሉእ ኣመቶም ናብ ኢትዮጵያ ቀንዐ።**

**ደጊም ዓባይ ኢትዮጵያ፡ ንሓላሉ ዝወስዳ መን'ዩ? ንሶም ድዮም ወይስ ኣነ? ንኢሳያስ ኣፈወርቂ ከቢድ ደልሃመታዊ ሕቶ ጎፍ በሎ።**

**ኢሳያስ፡ ንህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ንኣራት ኪሎ ንክቐድሞም፡ ምስጢራዊ ናይ 1000 ኪ/ሜ ቅድድም ናብ ኣሶሳ ሓንጸጸ።**

**ይቕጽል . . . . .**

**Com Links**
**Haile Menegesha Okbe**
**Toronto, Canada**

**Phone: (416)-858-9305**
**Email: haileokbe@yahoo.com**
**FB: Haile Menegesha Okbe**
**What's App: Haile Menegesha Okbe**

---

EPLF routed Nadew Command at Afabet on March 17-20, 1988. Three Soviet military advisers were captured by EPLF in the swift attack on Nadew Command.
1. Lieutenant Cavaldin Alexander Victrovich
2. Colonel Kalistrov Yuri Petrovich
3. Lieutenant Cavaldin Alexander Victrovich
The spectacular victory of the attack on Nadew by EPLF was officially praised and broadcasted to the air by TPLF.

April 1988 - TPLF and EPLF signed a mutual military operation agreement in Khartoum, Sudan.

June 1988 - February 1989 - Battle of Shire Enda Selassie.
Joint TPLF/EPLF operations versus Derg's 3rd Revolutionary Army.

Warring Factions:
Derg side: - Corps 604, Corps 603 and Corps 605
- 103 Commando Division

TPLF/EPLF side:
TPLF - 7 Divisions and a number of Zonal Battalions
EPLF - One Brigade of Combatants
- Two Battalions of Mechanized units
- 10 Tanks

In the aftermath of the fall Shire Enda Selassie into the hands of TPLF/EPLF, Captain Legesse Asfaw, the former Tigray province administrator orders evacuation of Derg forces from Mekelle.

February 28, 1989 - Fall of Mekelle and the entire of Tigray into the hands of TPLF.

In the aftermath of the fall of Tigray into the hands of TPLF Isayas Afewerki hatches the sinister, 1000 Kilometres Race to Assosa in order to beat TPLF in getting to 4 Kilo.